# ኣዋጅ ቁጽሪ 121/2002

## ኮሚሽን ጉዳያት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ

ኣብ ወጻኢ ዚርከቡ ኤርትራውያን ኣብ ኩሉ ዝሓለፈ ታሪኻዊ መድረኻት ምእንቲ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገራዊ ረብሓን ኤርትራ ዝገበርዎ ዓቢ ኣበርክቶ ብምዝካር፣

ብዘለዎም ፍቕርን ሓልዮትን ሃገር፡ ብብዝሖምን ሓድነቶምን ዓቕምታቶምን ኣገዳሲ ጸጋ ካብ ጸጋታት ሃገር ምዃኖም ብምርዳእ፣

እጃሞም ኣብ ኩለንትናዊ ህይወትን መደባትን ሃገርና ንምዕዛዝን ረብሓታቶም ንምርግጋጽን ኣድማዒ ውዳበን እተጸንዐን ቀጻልነት ዘለዎን ስራሕ ከምዘድሊ ብምግንዛብ፣

እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ተኣዊጁ ኣሎ፡-

1· ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ኮሚሽን ጉዳያት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ንምቛም ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 121/2002" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽኣል።

2· ምቛም ኮሚሽን

(1) ካብዚ ቀጺሉ "ኮሚሽን" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮሚሽን ጉዳያት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ርእሱ ኪኢሉ

ዝመሓደር መንግስታዊ በዓልመዚ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ቆይሙ ኣሎ።

(2) ኮሚሽን ንፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ተሓታቲ ይኸውን።

3· ቤት ጽሕፈት

ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣብ ኣስመራ ይኸውን።

4· ዕማማት ኮሚሽን

(1) ዕማማት ኮሚሽን እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፦

(ሀ) ኤርትራዊ መንነትን ሓድነትን ጥርናፈን ኣብ ወጻኢ ናይ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንምሕያል ምስራሕ፣
(ለ) ምትእስሳር ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ምስ ሃገርን ህዝብን መንግስትን ከምዝድልድል ምግባር፣
(ሐ) ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ሰብ ሞያን ኪኢላታትን ሞያዊ ኣበርክቶኦም ንሃገሮም ዘዕብይሉ ባይታ ምጥጣሕ፣
(መ) ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ባዕላቶም ወይ ምስ ወጻእተኛታት ብምሽራኽ ኣብ ውሽጢ ሃገር ቁጠባዊ ወፍሪ ኪገብሩ ምትብባዕን ምትሕግጋዝን፣
(ረ) ኣብ ዝነብሩሉ ሃገራት ዕውታት ኮማት ንኪኾኑን ብመሰረት ሕጊ ክብሮምን መሰላቶምን ንኪሕሉን ምትሕግጋዝን ምጥባቕን፣ ከምኡ'ውን
(ሰ) ኣብ ኤርትራ ካብ ትካላት መንግስቲ ዚግብኦም ቅልጡፍን ኣድማዒን ኣገልግሎት ንኪረኽቡ ምትሕብባር።

(2) ኮሚሽን፡ ኣብ ወጻኢ፡ ዕማማቱ ብመገዲን መሳለጥያታትን

ኤምባሲታት የሰላስል፣ ንምውህሃድ ዘድልዮ ቅጥዒታትን መምርሒታትን ከአ የውጽእ።

5· አወዳድባ ኮሚሽን

ኮሚሽን ኣብ ኤርትራ እዚ ዝስዕብ አወዳድባ ይህልዎ፡-

(1) ምምሕዳር፡ ፋይናንስ፡ ህዝባዊ ርክባትን ካልእ አድላይ ስታፍን ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር፣
(2) ቁጠባዊ ጉዳያት፣
(3) ማሕበራዊን ባህላውን ጉዳያት፣ ከምኡ'ውን
(4) መጽናዕትን ሓበሬታን።

6· ኮሚሽነር

ኮሚሽነር ብፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ይምዘዝ።

7· ስልጣንን ተግባራትን ኮሚሽነር

(1) ኮሚሽነር ላዕለዋይ ሓላፊን ዋና ፈጻሚ ስራሕን ኮሚሽን ኮይኑ ኩሉ ናይ ኮሚሽን ተግባራት የሰላስል። ከምኡ'ውን አብዚ አዋጅ እዚ ብሓፈሻ ብዝተጠቐሰ ከይተወሰነ እዚ ዝስዕብ ስልጣንን ተግባራትን ይህልዎ፡-

(ሀ) ሰራሕተኛታት ኮሚሽን ይቆጽር፡ ይቕይር፡ የሰናብት፡ ብዲሲፕሊን ይቐጽዕ፣

(ለ) መደባት ስራሕን ባጀትን ኮሚሽን የዳሉን የተግብርን፣

(ሐ) መዓልታዊ ንጥፈታት ኮሚሽን የካይድ፣

(መ) ዕላማታትን ተግባራትን ኮምሽን ንምዕዋት ኩሉ ዘድሊ ንጥፈታት ይፍጽም፣

(ረ) ንኮሚሽን ኣብ ቅድሚ ሳልሳይ ወገናት ይውክል፣

(ሰ) ብስም ኮሚሽን ይኸስስን ይኸሰስን ይወዓዓልን፣

(ሸ) ዕላማታት ኮሚሽን ንምጭባጥ ካልእ ስልጣንን ተግባራትን ኮሚሽን ይፍጽም፣ ከምኡ'ውን

(ቀ) ብፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ዝዋሃቦ ካልእ ዕማማት ይፍጽም።

(2) ኮሚሽነር ስልጣኑን ተግባራቱን ብከፊል ወይ ብምሉእ ንሓደ ሓላፍነት ዘለዎ ሰራሕተኛ ኮሚሽን ክውክል ይኽእል።

8· መዛግብቲ ሕሳባትን ዓመታዊ ባጀትን

(1) ኮሚሽን ምሉእን ብቑዕን መዛግብቲ ሕሳብ ይሕዝ።

(2) መዛግብቲ ሕሳባትን ኩሉም ገንዘብ-ጠቀስ ጉዳያትን ኮሚሽን ብዋና ኦዲተር ወይ ንሱ ብዝመዘዞ ኦዲተራት ብውሕዱ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ይምርመር።

(3) ኮሚሽን ናይ ንጥፈታቱ ጸብጻብ ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ባጀታዊ ዓመት ንፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣዳልዩ የቕርብ።

(4) ናይ ኮሚሽን ናይ ባጀት ዓመት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ጥሪ 1 ተጀሚሩ ታሕሳስ 31 ይውዳእ።

9· ናይ ምትሕግጋዝ ግዴታ

ኩሉን ሚኒስትሪታትን ካልኦት መንግስታውያን ትካላትን ንዕማማት ኮሚሽን ብዝምልከት ምስ ኮሚሽን ናይ ምትሕግ ጋዝ ግዴታ ይህልወን።

10· ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ፡ ሓምለ 1/2002

መንግስቲ ኤርትራ